# ሰንበት ዘመብረቅ

## ፬ ጳጉሜን 2017 ዓ.ም. (9/7/2025)

## ንምጽአት ጎይታ ተዳለዉ

**መዝሙር፡** ከመ እንተ መብረቅ ዘይወጽእ እምጽባሕ... በርቂ ካብ ምብራቕ በሪቑ ክሳዕ ምዕራብ ከም ዝርኤ ምጽአት ወዲ ሰብ ከአ ከምኡ ብብርሃን መብረቕ ምስ ኃይሊ ሰማይ አእላፍ መላእኽቲ ሊቃነ መላእኽቲ ክኸውን እዩ፥ አኽሊል አኽሊላት አብ ርእሲ ካህናት።

**ንባባት፡** ፩ተሰ 5፡1-19፥ 2ጴጥ 3፡10-ፍ፥ ግ.ሓ. 26፡1-15፥ ማቴ 24፡23-28, 37-42።

**ምስባክ፡** እግዚአብሔር ገሀደ ይመጽእ ወአምላክነሂ ኢያረምም እሳት ይነድድ ቅድመሁ፥ እግዚአብሔር ብግሁድ ክመጽእ እዩ፥ አምላኽና ስቕ አይብልን እዩ፥ አብ ቅድሚኡ እሳት ይነድድ መዝ፡ 50፡3።

አብዚ ሓዲስ ዓመት አብ ዝአትወሉ ዘሎ እዋን ክንሕደስ ብዝተቐየረ ሕይወት ክንአትዎ ዘዘኻክር መዝሙር እዩ አብዚ ሰንበት ዝዝመር።

ሓዲስ ዓመት ክአቱ እንከሎ ንብዙሕ ነገር ክነስተንትን ይሕግዘና፡ 1. ነቲ አምላኽ አብዛ እትውዳእ ዘላ ዓመት ዝተዋህበና ጸጋ ርኢና ክነመስግን። 2. ከም ክርስትያን ዝተጎዓዝናዮ ሕይወት ከመይ ነሩ ኢልና ድሕሪ ምሕታት ንዝበደልናዮ አምላኽን ንከማና ሰብን ይቕረታ ክንሓትት ክንዕረቕ ንዝመጽእ ዓመት ብንጹሕ ልቢ ክንጅምሮ። 3. ዓመት ክውዳእ እንከሎ ካልእ ዝዓበየ ነገር ክንሓስቦ ዘሎና ሕይወትና ካብታ ዝተወለድናላ ዕለት ጀሚሩ ናብ መወዳእታ ከም እንጉዓዝ ዘሎና ክንሓስብ እሞ ሕይወትና ክንርኢ ከመሎኹ ስንቂ ሰማይ ሒዘ ዘሎኹ እናበልና ክንሰናዶ። ናይ ሎሚ ንባባትና ነዚ እዮም ዝሕብሩና።

ካብ ትማሊ ጀሚሩ ክሳብ ሮቡዕ ዘሎ እዋን ብፍሉይ ጳጉሜን ተባሂሉ ይፍለጥ፥ ምሸት ሮቡዕ ሆየ ሆየ ኢልና ኃሙስ ሓዲሽ ዓመት ክብዓል እዩ።

**ጳጉሜን፡** ከም ስርዓት ባኅሪሓሳብ ዓድና እዚ ሶምን እምብአር ጳጉሜን እዩ (ሂፓጉሜን ወሰኽ ማለት እዩ)፥ ምሉእ ወርሒ ስለ ዘይኮነ ጳያቒ አዋርሕ እውን ይብሃል እዩ። አብ ዘመነ ዮሓንስ 6 መዓልታት አብቶም ካልኦት ግን ሓምሽተ መዓልታት እዩ። ከም መሰጋገሪ ናይ ሓዲስ ዓመት ተራእዩ ዝተፈላለየ ባህሊ በዚ እዋን ይግበር። ሓደ ካብቲ ኩሉ ዝግበር ለይቲ ተንሲእካ አብ ሩባ ከድካ ማጨሎት ምሕጻብ እዩ እዚ ኸአ ብነፍስን ብስጋን ነጺሕካ ንሓዲስ ዓመት ምእታው እዩ። ሕይወትና ክነጽሕ እንከሎና ጥራሕ ኢና ምስ አምላኽ አሎና ክንብል እንኽእል። ንሓዲስ ዓመት ምስ ሓዲስ መንፈስን ጥዕናን ክንአትዎ ብማለት አብ ሩባ ወሪድና ንሕጸብ፥ እዋናቱ ፍሉይ እዩ፥ ምድረ ሰማይ ብዝተፈላለየ ዘራእትን ብቑልን ምሉእ ተስፋ ዝረአየሉ ሓረስቶት አብ ምውንጫፍን ምዕጻድን ዝአትዉሉ ኩሉ ዘራእቲ ዝስውተሉ። አዕዋፍ ሰማይ ድምጺ ተሓጓስ ዘስምዓሉ፥ ጠለ በግዕ ከብቲ ኩለን ሰቢሔን ክዕንድራ ዝረአያሉ ፍሉይ እዋን እዩ። ብሓምሊ ተዋሪዱ ዝነበረ ከርሲ ሸዊትን ከምኡ ተስፋ ዘራእቲ ዝርአየሉ ጊዜ ስለ ስኾነ ኩሉ ሰሚሩ ዝሕጎሰሉ ግዜ እዩ። ነዚ ኹሉ ዝሃበ አምላኽ ተመስገን ክንብሎ እሞ ምሉእ ሓጎስ ክገብረልና ብፍሉይ እነመስግነሉ እዋን እዩ።

ዓመት ክውዳእ እንከሎ ነቲ ኩሉ ኣብዚ ዝሓልፍ ዘሎ ዓመት ዝገበረልና ርኢና ክንክእል ይግብኣና። ተገሩለይ እዩ ኢልና ውሉዳት ኣምላኽ ዘብል ሕይወት ሒዝና እና ተጎዓዝና ንዝመጽእ ዓመት ብዝክልኣል ብጽቡቕ መንፈስ ክንኣትዎ ክንሰናዶ ይግብኣና። ንኣምላኽ ኣብቲ ዝገበረልና ርኢና ክንክእል እሞ ክነመስግን ዝሕግዘና ፍሉይ እዋን።

ናይ ሎሚ ንባባትና ንምጽኣት ጎይታ ተሰናዲና ክንጸንሕ ከምዘሎና ዘዘኻኽሩ እዮም። ኣምላኽ ኩሉ ጊዜ ይዛረበና ይሕብረና መገዱ ሒዝና ክንጉዓዝ ምእንቲ ኢሉ ብዝተፈላለየ ነገራት ይዛረበና። እዛ እንነብራ ሕይወት ሓላፊት ምዃና ኣለሊና ንዘይሓልፍ ክንጽዕር ፍቕርን ሰላምን ክነንግስ ሓቅን ፍትሕን ናትና ክንገብር። ሰብ መወዳእታኡ ክሓስብ እንተ ዘይከኣለ ክሰንቆ ዝግብኦ ከሰናዱ ዕድል ኣይረክብን እዩ። ምድራዊ ሕይወተይ ክውዳእ ክሓልፍ እዩ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ኢለ ጸብጻብ ሕይወተይ ክህብ እየ ኢሉ እንተ ዝሓስብ ምናልባት ጉዕዞ ሕይወቱ ምቐየረ።

ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ፩ተሰ መልእኽቱ ቀጺሉ ኣብ ዝጸሓፎ ብዛዕባ ዳግማይ ምምጻእ ይነግር። ብዛዕባ ዳግማይ ምጽኣት ጎይታ ክዛረብ እንከሎ ጳውሎስ ብዛዕባ ጊዜያቱን ወርኃቱን ክንጽሕፈልኩም ኣየድልን እዩ ይብል ምኽንያቱ መዓልቲ ጎይታ ከም ሰራቒ ብለይቲ ከም እትመጽእ ኣረጋጊጽኩም ትፈልጡ ኢኹም። ጊዜያትን ወርኃትን ምልክታት እዮም፥ ኩንኦም ዘሎ ሓሳብ ኣምላኽ ካብ ጊዜ ወጻኢ እዩ፥ ግን ኣብ ልክዕ እዋን ንጊዜያትን ክፍልታቱን ይቆጻጸር። ኣብ ታሪኽ ክርስትና ብዙሕ ጊዜ ሰባት ንምጽኣት መዓልቲ ጎይታ ብዙሕ ከም ዝነገሩ ይርኣ (መወዳእታ ዓለም በጺሑ እዩ፥ ኵሉ እንርእዮ ንመደዋእታ ዓለም ዝሕብር እዩ እናበሉ ዝዛረቡ ብዙሓት እዮም)። ገለ ካብ ሰብ ተሰሎንቄ እውን እዚ ኣተሓሳስባ ነርዎም እዩ። ኣብ ቀዳሞት ምዕራፍት እንተ ረኣና መዓልቲ ምጽኣት ጎይታ በጺሑ እዩ እናበሉ ካብ ስራሕን ካብ ዝኾነ ምግባርን ኣቋሪጾም ይጸበዩ ነሮም እዮም ነዚ ሓሳባት ጳውሎስ ተቋዊምዎ።

መዓልቲ ጎይታ ዝብል ኣብ ነብይ ኣሞጽ 5፡18 ንረኽቦ። ኣብ ብሉይ ኪዳን መዓልቲ ጎይታ ንመቕጻዕትን ፍርድን ወይ ንበረኸት ክተምጽእ ምዃና እዩ ዝገልጽ። ኣብ ሓዲስ ኪዳን ንፍርዲ ከምእትመጽእ ዝብል ኣብ ቦትኡ እንከሎ መዓልቲ ድሕነት (ኤፌ 4፡30)፥ መዓልቲ ኣምላኽ (2ጴጥ 3፡12)፥ መዓልቲ ክርስቶስ (1ቆሮ 1፡8፥ ፊሊጵ 1፡6)፥ መወዳእታ መዓልቲ (ዮሓ 6፡ 39)፥ ዓባይ መዓልቲ (ይሁዳ ጐ 6)፥ እታ መዓልቲ (1ተሰ 1፡10)። እዛ ዕለት መወዳእታ ወይ ልዕሊ ኩለን መዓልታት እያ እናተባህለት ትግለጽ። ቅድሚ እዛ ዕለት ቅድሚ ምምጽኣ ገለ ምልክታት ክርአ እዩ እንተ ኾነ እቲ ምጽኣት ብዘይተሓስበ ከምቲ ሰራቕ ብዘይተሓስበ ዝመጽኣሉ ከምኡ ክኸውን እዩ (ማቴ 24፡43-44)።

ጳውሎስ መወዳእታ መዓልቲ ምእስ ምዃን ዝፈልጦ ከም ዘይብሉ እዩ ዝነግር፥ ግን ነቲ ጎይታና ዝበሎ ኵሉ ጊዜ ተሰናዲና ክንጸንሕ ከምዘሎና እዩ ደጋጊሙ ዝናገር። መዓልቲ ጎይታ ከም ሰራቕ ኮይና ክትመጽእ እያ ስለዚ ኵሉ ጊዜ ተሰናዲኻ ካብ ዝኾነ ኃጢኣት ነጺሕካ ኣብ ቅዱስ ሕይወት ምጽናሕ የድሊ። ቅ.ጳውሎስ ኣብ መጀመርያ ንምጽኣት ጎይታ እርኣያ እኸውን ዝብል ትጽቢት ነርዎ እንተ ኾነ ድሓር ግን ቅድሚ ምምጻእ ጎይታ ከምዝመውት ኣረጋጊጹ፥ ስለዚ መዓልቲ ጎይታ ከምቲ ንሱ ዝሓሰቦ ንሱ ብሕይወቱ እንከሎ ከመዘይትመጽእ ተረዲኡ። መጠን ወንጌል ኣብ ኩሉ ዝተሰብከሉ መጠኑ ከኣ ምጽኣት ጎይታ ይቐርብ ምኽንያቱ ወንጌል ኣብ ኩሉ ከይተሰብከ ዳግማይ ምጽኣት ኣይከውንን እዩ።

ቅ. ጳውሎስ ከጠንቅቕ እንከሎ፥ ሰበት ኩሉ ጸጥ ኢሉ ኣሎ፥ ሰላም እዩ፥ እናበሉ እንከለዉ ብሃንደበት መዓልቲ ኣምላኽ ክትመጽእ እያ ይብል። ከምቲ ሓንቲ ነፍሰ ጾር ብዘይ ተሓስበ ሕርሲ

ዝመጽአ እሞ ክትሓርስ ግድን ዝኾነ ከምኡ እዩ ዝኸውን። እቲ ዝመጽእ ዕንወት ወይ ጥፍኣት ጨሪሽካ ዠነኔ ኣይኮነን ካብ ቅድሚ ኣምላኽ ምኽዋል ከምጽእ እንከሎ ጥራሕ እዩ ጎዳኢ ዝኸውን፥ ሓቀኛ ሕይወት ዝብሃል መወዳእታኡ ናይ ኩሉ ሰብኣዊ ዓወትን ፍጻሜን ምስ ኣምላኽ ተወሃሂዱ እንከሎ ዝውዳእ ሕይወት እዩ። ሰብ ከይተሰናደወ እንከሎ መወዳእታኡ እንተ በጽሐ ዕጫኡ ኣብ ገሃነም እሳት እዩ። ግሃነም እሳት ማለት ከአ ካብ ኣምላኽን ካብ ኩሉ ነገራት ኣምላኽ ምፍላይ እዩ፥ ካብቲ መሰረታዊ ድለታት ተፈጥሮና ምፍላይ እዩ።

ናይ ዘመና ዝዓበየ ጸገም ገሃንም እሳት የለን፥ ዠልና ክንድሕን ኢና፥ ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ ስለዚ ከም ግብርና ኣይ ከደናን እዩ፥ ሓንሳብ ድሕሪ ኣሚንካ ንኢየሱስ ድሕሪ ተቐቢልካ ድኂንካ ኢኻ ዝብል ግጉይ ትምህርትን ርድኢትን ንቡዙሓት ኣተዓሻስዩ ዝርከብ እዩ። ፈቲና ጸሊእና ሕይወትና ክውዳእ እዩ ድሕሪ ሞት ፍርዲ ኣሎ ፍርድና በቲ ኣብዚ ዓለም እንነብሮ እዩ ዝውሰን ጽቡቕ ኣብ ፍቕርን ሰላምን ሓቅን ንነብር እንተ ነበርና ዓስብና ምስ ኣምላኽ ምንባር እዩ፥ እዚ ኣብ መንግስተ ሰማይ ምንባር እዩ። ሕይወትና ኣብ ክፍኣትን ኃጢኣትን ተዋሒጥና እንከሎና መወዳእታና እንተ በጽሐ ግን ዕጫና ገሃነም እሳት እዩ። ስለዚ ሎሚ ኣበይ ዝወስድ ሕይወት እየ ሒዘ ዘሎኹ ኢልና ንርእስና ክንሓትት ይግብኣና። ሃይማኖት እንበለ ግብር ምውት ይእቲ።

ሓደ ካብቲ ጳውሎስ ጠቒጡ ዝዛረበሉ ብዘይተሓሰበ ወይ ብሃንደበት ዝብል ቃል ወይ ሓሳብ እዩ። ኣብ ሓዲስ ኪዳን እዚ ሓሳብ ሓንሳብ ጥራሕና እንረኽቦ ንሱ ኸአ ሓደ ዓይነት ትርጉም ዝሓዘ እዩ። እታ መዓልቲ እቲኣ ብሃንደበት ከይትመጻኩምሲ ብስስዐን ብስኽራንን ብኃልዮት ናብራን ልብኹም ከይከብድ ንነፍስኹም ተጠንቀቑ (ሉቃ 21፡34)። ብዛዕባ ሕርሲ ክዛረብ ከሎ እቲ ቀንዲ ኣትኩሮ ኣብ ቃንዛ ዘይኮነስ ኣብቲ ብሃንደበትን ዘይተርፍን ቃንዛ ናይ ሓንቲ ክትሓርስ እትጸበ ኣደ ክገልጽ ኢሉ እዩ።

ሓደ ኣማናይ ክኽተሎ ዘለዎ መገድን ሕይወትን ክሕብር እንከሎ ከምኡ ናይ ነፍስወከፍ ክርስትያን መንነት ክገልጽ እንከሎ ኣጎዋተይ ኣብ ጸልማት ስለ ዘይትነብሩ እታ መዓልቲ ከም ሰራቒ ኣይክትመጽአኩምን እያ፥ ንስኻትኩምሲ ደቂ ብርሃን ደቂ መዓልቲን ኢኹም፥ ንሕና ናይ ለይትን ናይ ጸልማትን ኣይኮናን፥ እምብኣር ንንቃሕ ገዛእ ርእስናውን ንግታእ ደአ እምበር ከምቶም ካልኦት ደቀስቲ ኣይንኹን ይብል። ሓቀኛ ኣማናይ ኣብ ጸልማት ኣይነብርን እዩ።

ጳውሎስ ደቂ ብርሃን ደቂ መዓልቲ ስለ ዝኾንኩም ደቂ ጸልማት ኣይትኹኑ ይብል። ኣብ ምስራቓዊ ኣተሓሳስባ ሓደ ዝፍለጥ በቲ ዝነብሮ ሕይወት እዩ። ክርስትያን ኣብ ብርሃን ጥራሕ ኣይ ኮኑን ዝነብሩ ባዕሎም ብብርሃን እዮም ዝፍለጡ፥ ከምቲ ኢየሱስ ዝብሎ ኣነ ብርሃን ዓለም እየ (ዮሓንስ 8፡12) ከምኡ ንተኸተልቱ ንስኻትኩም ብርሃን ዓለም ኢኹም (ማቴ 5፡14) ይብለና።

ደቂ መዓልቲ ስለ ዝኾና ከም ካልኦት እናደቀስና ክነብር ኣይግባእን ኩሉ ጊዜ ነቒሕና ክነብር ይግብኣና። እምነት ዘይብሎም ሰባት ናይ መንፈስ ነገር ኣይርድኦምን እዩ፥ ከም ዝደቀሱ እዮም። ከምዚ ዓይነት ድቃስ እምብኣር ንደቂ ብርሃን ኣይናቶምን እዩ። ብኣንጻሩ ንምጽኣት ጎይታ እና ተጸበዩ ንቕሓት ዠሉ ጊዜ ስንድዋትን ኣብ ጽኑዕ ሓለዋን ክነብሩ ይግባእ፥ ደቂሶም እንከለዉ ጎይታ ክመጽእ የብሉን። ንገዛእ ርእሶም ዝመልኩ ዠነታቶምን ዠሉ ነገርን ተቆጻጺሮም ዝኽእሉ ክኾኑ ይግባእ።

ጳውሎስ ኣብ መወዳእታ ንኹሉ ዝኸውን ማዕዳ ይህብ። ከምቲ እትገብርዎ ዘሎኹም ንሓድሕድኩም ተተባብዑ ንሓድሕድኩም ድማ ተሓናነጹ ይብል። እዚ እዋን ኣብ ነነድሕድና ኣብ መገዲ ኣምላኽ ዝመልስ ምኽርን ምትሕግጋዝን ክነዘውትር ከምኡ ብሕይወትና ሃናጺ ኣብነት ክነዘውትር ዝሕግዝ እዩ።

ዓመትና ምሉእ ሓጎስን ሰላምን ክነግሶ ሎሚ ንሰናይ እንተ ወሰና፥ ሎሚ ንፍቕርን ሕድገትን እንተ ተበገስና እዩ። ዓመትና ኣብ ዝዛዝመሉ ክንደይ ኣፍረየ ኢልና ክንርኢ ኣሎና። ኣብዛ ዓመት ከመይ ተጓዒዘ ኢልና ክንርኢ ሓጋዚ እዩ። ክርስቶስ ገለና ሰላስ፥ ስሳ፥ ሚእቲ፥ ክነፍሪ እዩ ዝደልየና እሞ ክንደይ ኣፍርየ ኣሎኹ ኢልና ምህርትና ንርአ። ኣፍሪና እንተ ኾና ኣታ ሕያዋይ ኣገልጋሊ ጽቡቕ ገቢርካ ብውሑድ እሙን ኴንካ ኢኻ እሞ ኣብ ልዕሊ ብዙኅ ክሸመካ እየ ናብ ሓጎስ ጎይታኻ እቶ (ማቴ 25፡23) ክብለና እዩ፥ ስለዚ ግብሪ ምህርትና ንርአ።

ዓመትና ብንስሓን ዕርቅን ሰላምን ንዛዝሞ። ሰብ ድኹም ወዳቒ እዩ ስለዚ ተበዲልና ንኹን በዲልና ንኹን ኣብ መአዲ ሰላምን ፍቕሪን ተጸሚድና ነዚ ዝአቱ ዘሎ ሓዲስ ዓመት ምስ ንጹሕ ልብን መንፈስን ንእተዎ ሽዑ ኣምላኽ ንዝሓለፈ በደልና ምሒሩ ንሓዲስ ዓመት ብሓዲስ መንፈስን ጸጋን ከጀምረና እዩ።

ኦ ኣምላኽ ብኹሉ ዝሃብካና እና ኣመስገና ንስሓና ተቐቢልካ ሕድገት ኃጢአትና ሃበና ነዚ እንአቶዎ ዘሎና ዓመተ ማርቆስ ከአ ባርኽልና ሕግኻን ስርዓትካን እናፈጸምና ቅዱስ ሕይወት ክንመርሕ ብጸጋኻ ኣይትፈለየና ንበሎ።

ብሩኽ ሓዲሽ ዓመተ ማርቆስ 2018 ዓ.ም.

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ